Australian Government
Department of Social Services

# ዘቤታውን ስድራቤታውን ዓመጽ

DSS1855.02.16

ኩሉ ሰብ፡ ስድራቤቱ ሕጉሳት፡ ጥዑያትን ውሑሳትን ክኾኑ ይደሊ።



ኣብ ገዛናን ኣብ እንነብረሉ ኮምን ካብ ዘጋጥም ዓመጽ ናጻ ንኽንከውን ኩልና መሰል ኣሎና።



ደቀኣንስትዮን ደቀተባዕትዮን፡ ኣብ ኣውስትራልያ ማዕረ መሰላት ኣለዎም።




ስድራቤታዊ ዓመጽ፡ ጾታዊ መጥቃዕትን ግዱድ መርዓን፡ ዋላ'ውን ኣብ ውሽጢ ገዛ የጋጥም፡ ኣብ ኣውስትራልያ ገበናት እዩ። ስድራቤታዊ ዓመጽ፡ ምውቓዕ ጥራይ ኣይኮነን። ጐነጻዊ ውጫጨ ምግባር፡ ንቐልዑ ምፍርራህ፡ ብስድራ ንዚውነን ገንዘብ ምቝጽጻር ወይ መጻምድቲ ንኣዕሩኹን ስድራቤቱን ንኸይረክብ ምኽልካል ማለት ክኸውን ይኽእል እዩ።



ፖሊስ ኣውስትራልያ፡ ውሕስነት ዝህቡ ስለዝኾኑ፡ ክእመኑ ይግብኦም። ንስኹም ወይ እትፈልጥዎ ካልእ ሰብ፡ ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ምስእትወድቁ፡ ንፖሊስ ኣዘራርቡ ወይ ብ000 ገይርኩም ደውልሎም።




ውሑሳትን ሕጉሳትን ኣብ ምኳን ክሕግዘኩም ዚኽእል ኣብ ባህሊ ዜተኮረ ኣገልግሎታት ኣብ ኣውስትራልያ ይውሃብ እዩ።




ኣብዚ ዚስዕብ ሓገዝ ኽትረኽቡ ትኽእሉ፥

- ዘቤታውን ስድራቤታውን ዓመጽ
- ጾታዊ መጥቃዕቲ
- ግዱድ መርዓ
- ዓመጽ ቆልዓ
- ናይ ቃላት ዓመጽ




ኣብ ሓደጋ ምስ እትወድቁ ብ000 ገይርኩም ናብ ፖሊስ ደውሉ።

ምስጢራዊ ምኽርን ሓበሬታን ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡
ብ1800 737 732 ገይርኩም ብናጻ ናብ 1800 RESPECT ደውሉ።
ወይ ድማ ንመርበብ_ሓበሬታ፥ www.1800RESPECT.org.au ከፊትኩም ርኣዩ።

ኣብ ሓደጋ ግዱድ መርዓ እንተልይኹም፡ ብ131 237 ገይርኩም ናብ ፌደራላዊ ፖሊስ ኣውስትራልያ (Australian Federal Police) ደውሉ።

Interpreter

ኣስተርጓሚ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ብ131 450 ገይርኩም ብናጻ ናብ ኣገልግሎት ትርጉምን ምስትርጓምን (Translating and Interpreting Service) ደውሉ።

(C) CALDWorld M: 0419525119